<u>ምስጋና።</u>

<u>ንማሕበረኮም ኤርትራውያን ሳን ፍራንቸስኮ</u>

ሎሚ ንግሆ ሚያዝያ 4, 2016 (April 4, 2016) ኣብ ገዛይ ኮፍ ኢለ ብዛዕባ <u>ብግዱሳት ተጸናጸንቲ እኪይ ውዲታት:</u> ዝተጻሕፈ ኣገራሚ ዝኾነ ጽሑም እንዳምበብኹ ከሎኹ ናይ ኢድ ተለፎነይ መልእኽትታት ብቐጻሊ ትቕበል ነምበረት። እንተኾነ እቲ ዘንብቦ ዝነበርኩ ብጣዕሚ ስለ ዝሰሓበኒ ግዲ (ከበር) ኣይገበርኩላን። እቲ ተስምዖ ዝነበረት ድምጺ ስለ ዝቐጸለ ምምባበይ ደው ኣቢለ ዝተቀበለቶ መልእክትታት ከንብብ ጀመርኩ። እቲ መበገሲ ብብጻይ ተስፉ ብርሃነ ዝተጻሕፈ ብቴክስት (TEXT) መልክዕ ኮይኑ ንሓቦን ተፈፋይነት ማሕበረኮሞም ሳንፍራንሰስኮ ዘሞጉስ ነበረ። እዚ ጽሑፍ ብዘይ ናቶም ሰፊሕ ውከሳ እጽሕፎ ስለ ዘሎኹ ከይጋገ ወይ ከየጉድሎሉ ምእንቲ ካብታ ሓጻር ጽሕፍቲ ተበጊሰ እየ ዝጽሕፉ ዘሎኹ።

ማሕበረኮም ሳንፍራንሲስኮ ብቑጽሮም ኣዝዮም ካብተን ኣብ ከባቢኦም ዘለዋ ማ/ኮማት ዝወሓዱ እዮም። ኣብቲ ብዕለት4/2/2016 ብዛዕባ ሃገራዊ ጉዳይ ብምውህሓድ <u>ሽማገለ መኸተን ሓ.ማ.ድ.ኤ.</u> ዝተገብረ ናይ ሓገዝ ወፈያ (FUNDRAISING) ኣኼባ ዝተረኸበ ዓቐን ካብዞም ውሑዳት ዜጋታት ክእከብ ዝካኣል እዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። <u>ኣብዚ ቀልቢ ጌርና ክንርድኦ ዘሎና፡ እዚ መቐጸልታ ናይ ዝሓለፉ ብዙሓት ዓመታት ድኣንበር ናይመጀመርትኦም ከምዘይኮ ክንግንዘብ ይግባእ።</u> እዚ ብውሑዳት ዓቢ ዓወት ክርከብ መኽኣሊኡ ካበይ ዝተበገሰ እዩ? ዝብል ሕቶ ክሕተት ባህርያዊ ኮይኑ እስማዓኒ። ንኩሉ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸታተልን ዘንብብን መልሱ ንገረኒ ዘብል ኣይኮነን። እቲ ውሑድ ቁጽሩ ሰውራና ነቲ ብብዝሑን ዕጥቁን ዝምካሕ ዝነበረ ደርግ ዘምከነ ከምይ ጌርካ ይርሳዕ። ውሑድ ህዝቢ ኤርትራ ሞጉቱ ዝረትዔ ናይ ሕጂ ህያው ተዘክሮ እንድዩ። እዞም ኣባላት ማሕበረኮም ሳንፍራንሰስኮ ውላድ ህዝቢ ኤርትራን ኣካል ሰውራኡ ስለ ዝኾኑ “ እቲ ክንገብር ንኽእል ኢና፡ ኣብ ቅድመና ዝዓግት ሓይሊ የለን፡ ዝብል ኒሕ ተዓጢቖም ኣብ ዝገብሩዎ መደባት ብዓወት ከም ዝወጹ ዘግበሮም ውርሻ ህዝብናን ሰውራናን እዩ። ኣነ'ውን ብወገነይ እንቋ ዓወተኩም ክብል እፈቱ።

ነቶም ኩሎም ናይ እንቋዕ ዓወተኩም መልስታት ዝሃብኩም ሓርበኛታት ብጾት ንስለ ምምስጋን ዘኮነስ ነቲ ቁልጡፍን ሓቀኛ መልስታትኩም ክምስገን ስለ ዝግብኦ ተመስገኑ። ኮምኡ'ውን ንኹለን ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን ኣብ መላእ ዓለም ምስ ሃገርን ህዝብን መንግስትን ምክልኻል ሓይልታት (መውሓስቲ ሃገር) ኤርትራ ኢድን ጓንትን፡ ማይን ጸባን ኮንክን እትሰርሓ ዘለኽን ልዑል ምስጋና ይብጻሕክን።

ሎሚ ብሓድነትናን፡ ግዙፍ ፖሎቲካዊ ዓውታትና፡ ግሁድ ልምዓታዊ ፍርያትና፡ ዝምዝገብ ዘሎ ዓወታት ንናይ ደገን ውሽጥን ጸላእትና ዓቕሊ ጸበት ኣሕዲሩሎም ኣብ ናይ ቀደም ቆዛሚ እዋን ተመሊሶም” <u>ተዓኺሊልና ከምተመን ዝሓልፍ ኣይመስልን ለብዘበን</u>” እናበሉ ጭሩኦም ዝድጉሉሉ፡ መልሓሶም ዝቁርጥሙሉ፡ ኣብ ልዕሊዓሰብቶም ዝጠራጠርሉ እዋን በጺሖም ከምዘለዉ ተጋሂዱ ዝረእየሉ ዘሎ ግዜ በጺሕና ኣሎና። እንተኾነ ሕሱር ጠፊኡ ከጥፍእ ዓላምኡ ስለ ዝኾነ፡ክሳብ ትንፋሱ ትሓልፍ እኪይ ተግባሩ ካብ ምግባር ኣይክቁጠብን እዩ።---------------------------------------------- ኣይንዛነ፡

ዓወት ንውዳበታትና፡

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።